# ኣባይቲ ሊድስ

# ኣብ ምርጫ ዝተመስረተ መምርሒ ክራይ

Leeds
CITY COUNCIL

# ኣባይቲ ሊድስ ማለት እንታይ ማለት እዩ፧

ኣባይቲ ሊድስ ህዝቢ ኣብ ሊድስ ብዓቕሙ ኣባይቲ ዝረኽበሉ መንገዲ እዩ።

ኣብ ምርጫ ዝተመስረት ክራይ ማለት እንታይ ማለት እዩ፧
እቲ ሓሳብ/ዕላማ ኪግዕዝ ንዝደሊ ህዝቢ ከምቲ ዝደልዮ ዓይነት ገዛን ኣብ ዝደልዮ ቦታን ገዛ ንኽረክብ ኣማራጺታት ንምሃብ እዩ።

እዚ ነገር'ዚ ብኸመይ እዩ ኪኸውን፧

እቶም ዘለዉ ኣባይቲ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰሙን ኣብ መርበብ ሓበሬታ (www.leedshomes.org.uk) ኣባይቲ ሊድስ ይቃልሑ እዮም። ዓማዊል ከኣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰሙን ክሳብ 3 ኣባይቲ ኪመርጹ ይኽእሉ።

ቀጺለ'ኸ እንታይ እየ ኪገብር፧
እቲ ምምራጽ ኣባይቲ ብኣርባዕተ ቀለልቲ  መንገድታት ኪትግበር ይኽእል።

# ኣባይቲ ሊድስ

**ዓቕምኻ/ኺ ትኽእሎ/ልዮ ክራይ ገዛ ንምርካብ ዝሕግዘካ/ኪ መምርሒ**

01

ኣብ ቁጽሪ ተሌፎን 0113 247 6313 **ደውል**

# ብተሌፎን ክትመርጽ ምስ ትደሊ/ልዪ ብቐሊሉ፡

- ኣብ 0113 247 6313 ደውለልና/ልልና
- ናይ ኣባልነት (መምረጺ) ቁጽርኻ/ኺ ኪትሕተት/ቲ ኢኻ/ኺ
- ብድሕሪኡ ክሳብ ናይ 3 ትምርጾም ኣባይቲ መለለዪ ቁጽርታት ክትሕተት/ቲ ኢኻ/ኺ

02

ኣብ መርባብ ሓበሬታ www.leedshomes.org.uk '' **'ክሊክ'** ግበር'

## ኣብ ኢንተርነት ብቐጥታ ንኽትመርጽ፣ ብቀሊሉ:

- መርበብ ሓበሬታ www.leedshomes.org.uk ርኤ/ዪ
- መምረጺ ቁጽር'ኻ/'ኺን ዕለት ልደትካ/ኪን ብምጥቃም ክፈቶ/ትዮ
- ነቲ ኣብ ኢንተርነት ብቐጥታ ዝወሃበካ/ኪ ቀሊል ዝኾነ ምመርሒ ተኸተል/ሊ



ኣባይቲ ሊድስ -ኣብ ምርጫ ዝተመስረተ መምርሒ ክራይ

# 03
# ናይ ‘ሞባይል’ ናይ ጽሑፍ መልእኽቲ (ቴክስት)

## ብናይ ‘ቴክስት’ መልእኽቲ ንምምራጽ ብሓጺሩ:

### ነዚ ሲዒቡ ዝቐርብ ኣብነት ተኸተል:

ናይ ኣባልነት ቁጽርኻ/ኺ　　ዕለት ልደትካ/ኪ　　1ይ ምርጫኻ/ኺ　　2ይ ምርጫኻ　　3ይ ምርጫኻ/ኺ

ቴክስት cbl#123456# + 01051972# + 30123# + 30456# + 30789# o 60066

- (ቴክስት cbl) + (#) + (ናይ ኣባልነት ቁጽርኻ/ኺ) + (#) + (ዝተወለድካሉ/ክሉ ዕለት) + (#) + (1ይ መለለዪ ቁጽሪ መምረጺ) (#) + (2ይ መለለዪ ቁጽሪ መምረጺ) + (#) (3ይ መለለዪ ቁጽሪ መምረጺ) + (#)

- ኣብ መንጎ ፊደላት ጋግ ወይ ክፉት ቦታ እንተሓዲግካ/ኪ ግና እቲ ትምርጾ/ጽዮ ገዛ ኣይምዝገበልካን/ክን እዩ::

ወይ

04

# ናብ

**ዝኾነ ናይ ከባቢ ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ወይ 'ዋን ሰቶፕ' ማእከል ኪድ/ዲ'ሞ ናይ መምረጺ ፎርም ምላእ/ኢ::**

**ክሳብ ክንደይ እየ ኪመርጽ ዘለኒ፧**

**እቲ ናይ መምረጺ ዑደት ረቡዕ ንጉሆ ሰዓት 8.30ቅ.ቀ ጀሚሩ ክሳብ ቀጺላ ትርካብ ሰኑይ ሰዓት 5.00 ድ.ቀ. እዩ ዝካየድ:: ኣብ ምምራጽ ቀዲሙ ዝመረጸ ብቀዳምነት ይረክብ (First come first served) ዝብል ጽሑፍ እንተዘይሃልይዎ ቀዳማይ ወይ መወዳእታ ምምራጽ ፍልልይ የብሉን::**

**እቲ ገደብ ጊዜ ሓንሳእ ምሰ ሓለፈ መብዛሕትኡ ግዜ ነቲ ዝለዓለ ቀዳምነት ዘለዎ'ሞ እቲ ቀዳምነቱ ዝነውሐ ግዜ ምስኡ ንዝጽንሖ ዓሚል እዩ እቲ ገዛ ዝውሃብ:: እዚ ዝኸውን ግና እቲ ገዛ ቀዲሙ ዝመጸ ቀዲሙ ይረክብ ብዝብለ ኣገባብ እንተዘይተቃሊሑ እዩ::**



ኣባይቲ ሊድስ - ኣብ ምርጫ ዝተመስረተ መምርሒ ክራይ

**ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰሙን 3 ኣባይቲ ኪመርጽ ናይ ግድን ድዩ፧**
ኣይፋሉን:: ነቶም ዝግቡኡኻ/ኺ (ምስ ኩነታትካ/ኪ) ዝኸዱ ኣባይቲ ጥራይ ምረጽ/ጺ:: ንዓኻ/ኺ ዝኾኑ ምስ ኩነታትካ/ኪ ዝሳነዩ ኣባይቲ እንተዘይረኺብካ/ኪ ክትመርጽ/ጺ ናይ ግድን ኣይኮንን::

**ትርጉም/ዋጋ ዘለዎ ምምራጽ እንታይ ማለት እዩ፧**
ንሓንቲ ገዛ ክትመርጽ/ጺ ከለኻ/ኺ ነቶም መለክዕታት ኩሎም ምስ ተማልእ ጥራይ እዩ::ኣብቲ ዝቃላሕ እቶም ኣባይቲ ንመን ከም ዝሰማማዐ ከተጽንዮም/ዕዮም ኣለካ/ኪ::

ንኣብነት ፍሉይ ክንክን ዘድልዮም ሰባት ዝዕቆብሉ መንበሪ ገዛ (Sheltered Accommodation) ከምዚ ዓይነት ገዛ ንዝጠልቡ ልዕሊ 60 ዓመት ዕድመ ዘለዎም ሰባት እዩ ዝግባእ:: 3 ክፍሊ ዘለዎ ገዛ ንሓደ በይኑ ዝነብር ሰብ ኪወሃብ ኣይግባእን:: ብኻልእ ወገን 4 ኣባላት ዘለዉዋ ስድራ ኣብ ሓደ ክፍሊ ጥራይ ዘለዋ ገዛ ኪነብሩ የብሎምን::

ነቲ ናይ ኣባልነት ቁጽርኻ/ኺ ክትቀበል ከለኻ/ኺ ንስድራኻ/ኺ ዝሰማማዕ /ዝኸውን መጠን ገዛ ክንሕብረካ/ኪ ኢና:: ካብ'ቲ ዝግብኣካ/ኪ መጠን ገዛ ዝንእስ ወይ ዝዓቢ እንተመሪጽካ/ኪ ግና ክትዕወት/ቲ ኣይትኽእልን ኢኻ/ኺ::

**እቲ ምምራጻይ ብቀጻሊ ኣይዕወትን ዘሎ::**
**ዝኾነ ኪገብሮ ዘለኒ ነገር ኣሎዶ፧**

እወ:: ዕዉት መራጻይ/ጺት ትኸውንን ዘይትኸውንን ነቲ ተመርጾ/ጽዮ ገዛ ካልእ መን መሪጽዎ፣ ኣበየናይ ደረጃ ናይ ቀዳምነት ትርከብን/ቢን ንኽንደይ ጊዜ ዝኣክል ኣብ ናይ ቀዳምነት ደረጀ ጸኒሕካን/ኪን እዩ ዝውሰን::

ኣብ ምምራጽ ዕዉት ናይ ምኳን ጉዳይ ከኣ ኣብቲ ትመርጾ/ጽዮ ቦታታት ዘለካ/ኪ ምትዕጽጻፍን ኣብ ብዝሒ ትምርጾ/ጽዮ ኣባይትን እዩ ዝምርኮስ:: እዚ ማለት ከኣ እቲ ናይ ምርካብ ዕድልካ/ኪ ክሰፍሕ ዝኽእል ኣብ ብዙሕ ቦታታትን ብዙሕ ገዛውትን ምስ ትመርጽ/ጺን እዩ::

**እቶም ቀዲሙ ዝመጸ ቀዲሙ ይረክብ ዝብሉ ኣባይቲ ከመይ ዝበሉ እዮም፧**

እዞም ከመዚኣቶም ዝኣመሰሉ ኣባይቲ ኣቐድም ኣቢሎም ዝተቓልሑን ኣብቲ ቀዳማይ ዑደት /ጊዜ ዝምልከቶም ወይ ዝግብኦም መረጽቲ ዘይተረኽበሎምን ኣባይቲ እዮም። እዞም ከመዚኣቶም ዝኣመሰሉ ኣባይቲ ነቶም ኣቐዲሞም ናይ ምምራጽ ኣገባባት/መምርሒታት ብምኽታል ዝመርጹ ሰባት እዮም ዝወሃቡ።

**ኣብቲ ዝመርጾ ገዛውቲ ዕዉት ምኻነይ ብኸመይ ኪፈልጥ እኽእል፧**

ዕዉታት መረጽቲ በቲ ነቲ ገዛ /ንብረት ዘቃልሕዎ ዋና ንብረት ኪንገሩ እዮም። ብድሕሪኡ ነቲ ገዛ ክርእይዎ ኪሕተቱ እዮም።

ሕማቕ ዕድል ኮይኑ ግና ነቶም ዘይተዓወቱ መረጽቲ ክንረኽቦም /ክንሕብሮም ኣይንኽእልን ኢና።

እቲ ናይ ኣባይቲ ሊድስ መርበብ ሓበሬታን ሰሙናዊ መጋዚንን ኣብቶም ኣቐዲሞም ዝቃልሑ ኣባይቲ መልሲ ይህብ እዩ።

ብዝሒ ንሓደ ዝተወሰነ ገዛ ዝመርጹ ኣባላት፣ ደረጃ ቀዳምነቶምን ከም ኣባላት ካብ ዝምዝገቡ ንደሓር ዘሎ ንውሓት ጊዜን ኣብ ግምት ብምእታው ናይ መለሲ ሕታም ንሓትም/ነውጽእ ኢና።

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ሓበሬታ ንመጻኢ እንተይ ዓይነት ክትመርጽ ከም ዘለካ/ኪ ንምውሳን ኪሕግዘካ/ኪ እዩ።

**ቀልጢፈ ኪግዕዝ እኽእልዶ፧**

ናይ ግድን ኣይኮንን። እንተኾነ ግን እቶም ኣብ ምርጫ ዝምርኮሱ ክራይ ኣባይቲ ክንደይ ኣባይቲ ከም ዘለዎን ኣበየናይ ከባቢ ዘለዉ ገዛውቲ ዝሓጸረ ናይ ምጽባይ ጊዜ ከምዘለዎምን ኣጸቢቖም ግልጺ ጌረሞ ኣለዉ። ንስኻ/ኺ ከኣ ነቲ ኣዚኻ/ኺ ትደልዮ ከባቢ ናይ ምጽባይ፣ ወይ ኣብ ዝሓጸረ ናይ ምጽባይ ጊዜ ዘለዎ ካልእ ከባቢ ምምራጽ ወይ'ውን ምስ ካልኦት ናይ ኣባይቲ ኣቕረብቲ ትካላት ኣማራጺታት ናይ ምንዳይ ጻዕርታት ክትገብር/ሪ ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ።

**ብኸመይ ኢና ፍትሒ ከነረጋግጽ ንኽእል፧**

ንዓማዊል ክንረኽቦም ንኽእል ኣብ ኩነታቶምን ናይ ገዛ ኣድላይነቶም ክሳብ ክንደይ ዓቢ ምኳኑ ብምግንዛብን እዩ:: ነቲ ህልዉ ናይ ገዛ ድልየታትካ/ኪ ዘንጸባርቕ ናይ ቀዳምነት ደረጃ (Priority Band) ክትወሃብ/ቢ ኢኻ/ኺ:: እቶም ኣብ ግምት ነእትዎም ረቛሒታት ከኣ መጠን ስድራ፣ ናይቲ ገዛ ምግፋሕን ምጽባብን፣ ጉዳያት ሕክምናን ደሕንነትን የጠቓልል::

**ኣነ ኣበየናይ ደረጃ ናይ ቀዳምነት** (Priority Band) **እየ ኪኸውን፧**

**ሰለስተ ዓይነት ደረጃታት እዮም ዘለዎ**:

**ናይ ዝለዓለ ቀዳምነት** (Extra Priority)
**ዓማዊል በዓል መን**:

- ብሕጊ መሰረት ቤት ኣልቦ ዝኾነን ኣብ ናይ 1ይ ደረጃ ዘሎን/ላን
- ህጹጽ ሕክምና ምስ ዘድልየካ/ኪ:: ንኣብነት ኣብ ሓንቲ ክፍሊ ከም ዝውሰኑ  ዓማዊልን እቲ ገዝኦም ንኽትነብሮ ምቹእ ዘይኮነን
- ኣብ ክትነብረሉ ብቑዕ ዘይኮነ ብመጽናዕቲ ምስ ዝረጋገጽ ወይ ከኣ ኣብ ክግዕዝ ዘለዎ ቦታ ናይ ቤት ምኸሪ ተኻራያይ ምስትኸውን
- ካልእ ህጹጽ ድልየት ምስ ዝህልወካ/ኪ:: ንኣብነት ብሕጊ ቤት ኣልቦ ዘይኮኑ ዓማዊል እንተኾነ ግን ገዛ ንኸቕይሩ ዓቢ/ብቑዕ ምኽንያት ዘለዎም::

**ቐዳምነት** (Priority)

**ዓማዊል በዓል መን**:

- እዚኣቶም ቤት ኣልቦ ኮይኖም ቤት ምኸሪ ግና ቀዋሚ ገዛ ንክህቦም ሕጋዊ ግዴታ ዘየብሉ
- ብምኽንያት ሕክምና ኪግዕዙ  ምስ ዝግደዱ
- ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ዘይርከብ ገዛ ትነብር እንተሊኻ/ኺ ተጨቓጪቕካ ትነብር እንተሊኻ/ኺ ወይ ከኣ ሕጽረት ኣገልግሎታት ምስ ዝህሉ

**ኣብ ሓፈሻዊ ደረጃ ቀዳማነት** (General needs)

ኩሎም'ቶም ቀዳምነት ዘየብሎምን ኣብ ሊድስ ከባብያዊ ምትእስሳር/ዝምድና ዘየብሎም ዓማዊልን ኣብ ሓፈሻዊ ደረጃ ናይ ቀዳማነት እዮም ዝምደቡ:: ኣብ ሊድሰ ከባብያዊ ምትእስሳር/ዝምድና ብምንባር፣ ብስራሕ ወይ ናይ ቀረባ ዘመድ ኣብ ሊድስ ይነብሩ እንተልዮም ግና ቀዳምነት ክትረክብ/ቢ ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ::

**ቀዳምነት እንተረኺበ ክሳብ ክንደይ እዩ ዝጸንሕ፧**

እቲ ቀዳማነት'ኻ/ኺ ን120 መዓልታት እዩ ዝጽንሕ::

**እቲ ዝሀልወኒ ናይ ቀዳምነት ገደብ ጊዜ ክውዳእ ከሎ ኪፈልጥ ድየ፧**

ንዓማዊል እቲ ቀዳምነቶም ኪወድ'ቅ ከሎ ብጽሑፍ ነፍልጦም ኢና::

**እቲ ዝውሃበኒ ቀዳምነት ኪናዋሕ ይኽእልዶ፧**

እወ:: ነቲ ናይ ኣባልነትካ/ኪ ፎርም ሒዙ ንዘሎ ናይ ከባቢ ቤት ጽሕፈት
ኣባይቲ ቀዳማነትካ/ኪ ንክናውሓልካ/ኪ ክትሓትት/ቲ ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ::
እንተኾነ እቲ ቀዳምነት ካብ ዝወሃበካ/ኪ ኣብ ውሽጢ 90 መዓልታት ዘሎ ጊዜ
ኪናዋሕ ኣይክእልን እዩ:: ኩሎም'ቶም ዝቐርቡ ናይ ቀዳምነት ምንዋሕ ሕቶታት
ኣብ ብሕታዊ ኩነታት ብምምርኳስ እዩ ዝርኤ/ዝምመ::

**ጉጉይ ውሳኔ'ዩ ተዋሂቡኒ ኢለ እንተ ሓሲበ እንታይ ኪገብር ኣለኒ፧**

ኣብቲ ንህቦ ውሳኔ ሕጉስ እንተዘይኮንካ/ኪ እንደገና ንኽረኣየልካ/ኪ ክትሓትት
ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ:: ናይ ዳግመ-ግምገማ መሰላትካ/ኪ ብዝምልከት ተወሳኺ
ሓበሬታ እንተደሊኻ/ኺ ከኣ ንኣባይቲ ሊድስ ብቁጽሪ ተሌፎን 0113 247 6313
ርኸቦም ኢኻ/ኺ::

ኣብ ናይ ቤት ምኽሪ ሊድስ ናይ ክራይ መምርሒ/ፖሊሲ ተውሳኺ ሓበሬታ እንተደሊኻ/ኺ በዞም ዝስዕቡ መራኽቢታት ክትረኽበና/ብና ትኽእል/ሊ:

**ቴሌፎን**: 0113 247 6313
**ሚኒኮም**: 0845 127 1113
**ኢመይል**: leeds.homes@leeds.gov.uk

**ወይ ከኣ ናብ**:

Leeds Homes Team, Environment and Neighbourhoods,
Merrion House, 5th Floor West, Merrion Centre, Leeds, LS2 8BB
ክትጽሕፉልና/ፍልና ትኽእል/ሊ::

ነሓሰ 2008 ብLeeds Homes Environment and Neighbourhoods, ዝተዳለወ::